ህጹጽ ጻዎዒት

ንወፍሪ ዓብዱልራሕማን ዩነስ
ንኹሉ ፈታው ሃገርን ፍትሕን ግዱስ
ዕለት 20/01/2013

እነሆ እምበኣር ከም መደቡ ስርዓት ሽፋቱ ህግደፍ ድሕሪ እቲ ንዕቀት ዝመለአ መርድእ ናይ መወዳእታ ዓመት 2012 ብዛዕባ ራማዕማዕ ቁጠባ ሃገርን ናይ ዕስራ ዓመት ምሕደራኡ ፍሽለትን፡ እታ ተኸልኪሉዋ ዝነብር መዝገብ ናይ ጥፍኣትናን ጽንተትና መደብ ቦሎኽ ብምባል ንእዛ ሓደስ ዓመተ2013 ብምእሳር ሓደ ካብ እቶም ውሑዳት ተሪፎምና ዘለው ናይ ታሪኽን መሳኻኽር ኣቦታት ኣያታት፡

ዓብዱልራሕማን ዩኑስ
ዕድሜኡ 87 ዓመት
እተን ውሑዳት ዓመታት እፎይ ኢሉ ንቕሳነት ዝህንቀወለን ንምኹላፍ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ክማስን ክምሽምሽ ኣእትዩሙዎ።

እዚ ነውራም ግፍዒ፡
*ንምሕራቕ ወይ ንምሕዛን ኣያና- ኣቦና **ዓብዱልራሕማን ዩኑስ** ዘይኮነ ንኹሉ ኤርትራዊ ናይ ተስፋ ቅሳነት ቅብጸት ኣዋጅን ምልክትን እዩ። ናብዚ ዘኤምቶ ኽኣ ክሳዕ ሕጂ ዝገበረ እንተገበረ እሕሕ ዝብሎ ስለ ዘይረኸበ ንቃወምቲ እናበልካ ኣብ ዘረባን ፍልስፍናን ዝጠፍእ ግዜ ትዕዝብቱ ንሽፍትነቱ ኣሜን ኢልካ ምቕባሉ ስለ ዘሳዕርሮ እዩ።*

ከመይሲ!!
ስንኩላን ናጽነት ረሺኑ ________________ ትም ተባሂሉ!!!
ለውጢ ንዝሓተቱ ኣሲሩ________________ ትም ተባሂሉ!!!
ጳጳስ ዝኣኽሉ ሓይሩ ________________ ትም ተባሂሉ!!!
ዘይተቐብሌ ጳጳስ ፈጢሩ________________ ትም ተባሂሉ!!!
ብሰላም ንሕውነትን ተኸባበሩ ዝበሉ ኣሲሩ___________ ትም ተባሂሉ!!!
መናእሰይ ወለዶ ንጽንተት ዕዳጋ ኣውሪዱ____________ ትም ተባሂሉ!!!
ንሓርበኛ ዶክቶር ጠሃ መሓመድኑር ኣብ ማእሰርቲ ኣሕሪሩ________ ትም ተባሂሉ!!!

ክንደይ ክንደይ ኢልካ እሞ ክጽብጽብ እሞ፡ እቲ ትምታ ግብረ መልሲ ዝሰኣነ ኤርትራውያን የሎናን እሞ እቲ ንብረት ስደት ኣብ ሃገር እንዳማትካ ከም ሸመትን

ዓወትን ወሲድናዮ ዲና እታ ሃገር ድላዩ ክገብራ ዓዲልናዮ ዲና እቲ ዝተኸፍለ መስዋእቲ ንሽፍትነቱ ዲና?

ሕልናዊ መልሲ ክንህብ ንግደድ
እዚ ስዕረራ እዚ ጥርዚ ክፍኣትን ግፍዕን ስሒቱ ዝህውትት ዘሎ እቲ ስንፍና ወይ ድኽመት ግብረ መልሲ ክንህብ ስለዘይምኽኣልና ወይ ከኣ ኣግህድ ኣቢልና እንታይ ገደሰና ስለ ዘቐደምና ዲና እቲ መልሲ ካባና ክወሃብ ዝግበኦ እዩ።

እዚ ኣብ ውድበይ፣ ዑቁበይ፣ ማሕበረይ፣ መስፈረይ ደሞክራሲ ለውጢ ሽምጢ ዝባኸን ዘሎ እዋናት ምስ ህልው ኩነታት ከነመጣጥኖ ወይ ሚዛን ክንህበሉ እንተኼንና ንእታ፡

ኣኽላብ ይነብሑ!!!
ገመል ከኣ ኣብ ስርሑ!!!

ዝበላ ትርጉም ክወሃባ እንተኾይኑ፡ ንስኹም ትም ቁሑ ክሳዕ ትም ቁሑ ትጠፍኡ ኸኣ ንብሎ ኣበይ ከይትበጽሑ ይብለና ምህላው ኣይዘንጋዕ።

ዓለም!!
ፈንፈና ኣነጺላ ኣረኪባትና ብወገንና ንእቲ ውህበት ተረክቦ ክሳዕ ሕጂ ኣሰር ናይ ተጠቓምነት ኣየርኤናሉን ዘሎና እሞ፡ እንታይን ካብ መንን ኢና ንጽበ? እንታይ ዓይነት ጽበት እዩ ክመጽኣና ንጽበ? ድሕሪ ኣቦኻ ሞት ግዴኻ ከም ዝበሃል እዚ ቀጻሊ ሕርበት እዚ ናበይ ናበይ የብል ከም ዘሎ ኩልና ንዕዘቦ ኣሎና እሞ፡

ንጥፋእዶ?
ንኽይንጠፍእ ነጥፍእ?

እንኮ ብዘይቅድመ ኩነት መልሲ ክንህበላ ጽባሕ ድሕሪ ጽባሕ ዘይተብል መልሲ ክወሃብ ኣለዎ። ሃገራውያን እንተድኣ ኣሎና ኼንና፡ ብዝተረፈ ከምቲ እዚ ኸኣ ገይሩ? ኣሕ! እዋይ! እናበል ምምራር እምበር ካልእ ዘየፍረና ኣብ ንሕና ኣሕን ኡይን ንሱኸኣ ንጥፍኣትና ክብይን ምንባር እዩ እሞ፡ ኣቦታትና ስም ይመርሕ ጥዋፍ ከኣ የብርህ ዝበልዎ ምስላ ከም ተወክሶ ሙርኩስ ክኾነና።

መቕተልቲ ዋልታ ሃገር ሸኽ ዓብዱልቓድር ከቢረ እንታይ ምሂሩና?

ንልዑላውነት ሃገር ህይወት እውን ከም ዝኽፈል እቲ ሙህሮ እቲ ኸኣ ተዘሚትና ድኣ እምበር ኤርትራ ነጻ ሃገር ኣብ ምሉእ ዓለም ኣፍሊጥናያን ምስ ሃገራት ስሪዕናያን።

እዚ ታሪኻዊ ውጽኢትና ንዓለም ዘገረመ ከም ውንዙፍን ሕሉፍን ኮይኑ ትማል ዓለም ምሉእ ኣግ ጎድኒ ገዛእትና እናሃለወ ናይ ኣዛብእ ናይ ኣናብስ ፋጻ እናነቀወ ኣላሽ ዘበልና ህዝቢ ምንባርና ብኸመይ ተረሲዑ እቲ ዝነበረ ሓሞት ኣበይ ተኻዕዩ ልሒሙ ጠፊኡ?

እቲ ዓቢይ ታሪኽና!!
ሎሚ ብፍርኩሻት ጠላማት ሽፉቱ ክድፈር ንዓለም ኤርትራዊ ዝበሃል የለን እንተኣሎ ኸኣ ብምረት ተደንጊጹዎ ናብራ ስደት ዓጢጡዎ እዩ ዘስምዕ።

እቲ ክቡር መስዋእትና
ኣይትጥለሙና ኣኽብርዎ ሕድርና ዘስምዕ እምበኣር እዚ ኣብ ልዕሊ ኣያናን ኣቦናን ተፈጺሙ ዘሎ ግፍዒ ተበራቢሩ ኣብ ፍርህን ፍልስፍናን ኣይትቀብሩ ይብለና ኣሎ።

<u>እንታይ ንግበር?</u>
እዛ ሕቶ እዚኣ ኣብ ብዙሕ ኣእምሮታት ተቐልቂላ ኸትከውን ተስፋ እናገበርኩ ሓሳበይ ኤቐድም።

<u>ውራይና</u>
ከምቲ ተሓንማይ እንክሉስ ተሓዝ እግረ ይጠርጥ ዝተባህለ ማለት እቶም ሕሙማትን ሕዙናትን ንሕና እናኸንና ካልኦት ክሓዝኑልና ክሕግዙና ክጸፍዑልና ካብ ምጽባይ ኢደይ! ኢድካ! ተበሃሂልና ሀላዊና ነስምዕ።

<u>ድሕሪ ምስማዕ ማእሰርቲ</u>
<u>ኣያናን ኣቦናን- ዓብዱልራሕማን ዩኑስ</u>

ምስ ክኢላታት ሙሁራን ሕጊ ርክባት ገይረ ብዛዕባ እዚ ቀጻሊ ግፍዕታት ምስ ተላዘብኩ፡ ዕድመ ኣያና ሰማንያን ሸውዓተን ዓመት ምኺኑ ምስ ሓበርኩ መላዝበተይ ንሓበሬታይ ክኣምንዎ ብሓቂ ጸጊሙዎም ከመይሲ ኣብ ዓለም ተራእዩን ተሰሚዑን ስለዘይፈልጥ መረጋገጺ ሰነድ ከም ዘሎ ምስ ሓበርኩዎም ግን ኣድማዒ ሕጋዊ መስርሕ ከመይ ኣበይ ምሉእ ሓበሬታት ሂቦሙኒ።

<u>ተሓቢረዮ ዘሎኹ፡</u>
ብሓቂ ኣድማዕነቱ ስለ ዘዕገበኒ ብዝሓበሩኒ ባይታ ተመርኪሰ እምበኣር ንመስርሑ ዝጥዕም <u>ሌላ ጉሌላ</u> ዘየብል መሰረት ክግበረሉ ስለዘለዎ፡ ነዚ ንምምላእ ከኣ ድልየትን ሓልዩትን ንጹር ክኸውን ስለዘለዎ <u>ነቲ ዕማም</u> ዝዓሙ ክኢላታት ምርካብ፡

<u>እቶም ክኢላታት</u>
<u>ስርሖም ክይኑ ተልእኾኦም ክዓሙ</u>

*ኣምሳያ (ገንዘብ) ክወሃቡ ናይ ግድን ስለዝኾነ ንእዚ ገስረጥ ስርርዕ ስዕረራኡ ዘኸትመሉ ባይታ ከነጣጥሕ ከምቲ ናይ ክቡር ኣያናን ኣቦናን **<u>ዓብዱልራሕማን ዩኑስ</u>** ብዙሓት ዘይተነግረሎም ከምዘለው እውን ስለ ዘቃልሕ **<u>ኩሉ ግዱስ ኤርትራዊ ኣብዚ ናይ ወፈያ ገንዘብ ወስታኡ ክዋሳእ እላቦ።</u>***

<u>በዚ ኣጋጣሚ!!!</u>
ክሳዕ ሓደ ምእኩል መጠርነፍ ወፈያ ዝግበር

1. ***<u>ብስም ፈላም መስዋእትና ዝጽዋዕ KEBIRE FOUNDATION</u>***
2. ***<u>ነጻ ካብ ፖለቲካዊ ስርርዕ ማሕበር ጀበርቲ ኤርትራ</u>***
3. ***<u>ዓለመለኻዊ ማዕከን ኤርትራውያን ዝመስረቶ AWATE FOUNDATION ከምኡ እውን ካልኦት እንተኣለዉ።</u>***

4. *መሰረት ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ ሸኽ ስራጅ መሓመድኑር ምስ መላዝብቶም ኣብ ሃገራት ኣዕራብ ኣብ ሱዑዲ ዓረብ ክሳዕ መትረብ ዓረብ GULF AREA ዝርከቡ ኤርትራውያን፤*
5. *ብይጥዕም ዝበሃል ውደባ ማእቶት ኣብ ዝኾነ መኣዝን ዓለም፡፡*

ብመጸውዕ

ወፍሪ ዓብዱልራሕማን ዩኑስ

ሕሳብ ባንክ ንመዋህለል ወፈያ ክኸፍቱ ከም ዝኸፈቱ ኸኣ ብዘይወዓል ሕደር ብኩሉ ዘራኸብ ማዕከናት ክሕብሩ ኤማሕጽን፡፡

ተኸፊቱ ኣብ ዝተበሰረ፡

ኣበይን ምስ መንን ርክባት ክሕብር ምኳነይ እናኣረጋገጽኩ ቅድሚ ነዛ መራሪት ጻዋዒተይ ምዝዛም ክሕብሮ ዝደሊ፡ ከምታ ልዕል ኢለ ክቡር ኣቦና ፈላሚ መስዋእትና ብመስዋእቱ ንልዑላውነት ኽንከፍሎ ዘሎና ምሂሩ ዘዔውተና ሸኽ ዓብዱልቓድር ከበሪ፡ ሰዓት ቅሳነት ስድራቤታት ኤርትራ ትድውል ከም ዘላ ማእሰርቲ ክቡር ኣቦና ኣያና ዓብዱልራህማን ዩኑስ ትጽውዕ ስለ ዘሎ ህላዌና ነረጋግጸላ፡፡

ኣብዚ ወፍሪ እዚ ዘይዓጠቐ
ምስ ሸፋቱ ህግደፍ ዝተጨማለቐ
ንህግደፍ ኣህጢሩ ስድራቤቱ ዘሕነቐ
ይኹን ጭርሖና

ተወሳኺ ሓበሬታ!!

ድሕሪ ምንባብ እዛ ጻዋዒት ልሙስን ርዓዲን ስርርዕ ሸፋቱ ህግደፍ ንዝፍጽሞ ኩሉ ኣሉታ ክህብ ስለ ዝፍትን ምናልባት ንክቡር ኣቦና ኣያና ዓብዱልራሕማን ዩኑስ ካብ ቤት ማእሰርቲ የውጽኦ ይኸውን፡፡ ንሕና ግን ኣይንገራህ ወፍርና ንፍትሕን ሓቅን ምስፋን ብዝኾነ ሸፋን ከም ዘይንህመል ከነረጋግጸሉ ኣሎና፡፡ ኢለ መደብ ሸፋቱ ህግደፍ ንምጥፋእና ስለዝኾነ፡ ትም ኢልናዶ ንጥፋእ ወይስ ንኽይንጠፍእ ንዑኡ ነጥፍእ ምርጫና ነብርህ

ሰናይ ቅነ

መልእትኩም ኣብ ghirmaiki@yahoo.it እጽበ፡፡

ሓውኩም ወደባት ኤርትራ ግርማይ ኪዳነ (ወዲ ፊሊፖ)
ሚላኖ-ኢጣልያ